ትካልና መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ ዋና ቢሮ ዝሰራሕ ናይ አለሙኔም ስራሕቲ ብቕሉዕ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መጋቢት 24, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 8, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:170,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 8, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ኣልሙኒየምን ኣቁሑትን/

ምልክታ ጨረታ

ትካልና መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ ዋና ቢሮ ዝሰራሕ ናይ አለሙኔም ስራሕቲ ብቕሉዕ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ በቲ ስራሕ ብቕዓት ፍቓድን ዘለኩም መቕረብትን ሰራሕትን ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዐቀኒታት ተማልኡ ተወዳዳርቲ ክትሳተፉ ኩባንያና ይዕድም ::

| S/N | Task Description | Remark |
| --- | --- | --- |
| 1 | Suypply & Fix Aluminum Doors & Windows, Aluminum Cladding, Aluminum Handrail, 4mm thick clear glass & 5mm thick colored/tinted glass inciuding all necessary accessories. | As per the Attached BOQ & Specifications |

ናይ ጨረታ ረቛሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2017 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቕርብ ዝኽእል::

2. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቃድ፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቀት፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቕትን ተወሳኺ እሴት ታክስ፣ናይ መወዳእታ ወርሒ ቫት ዝክፈልሉ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምትሕሓዝ ብር 100.00(ብር ሓደ ሚኢቲ) ብምክፋል ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 02/04/2025-16/04/2025 ብኣቆፃፀራ ኣዉሮፓ ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ሰዓት መቐለ ኣብ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ዕደጋ መምርሒ ክወስዱ ይኽእሉ።

3. ተረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ብምምላእ ኣብ ሕድሕድ እቲ ጨረታ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ክዓርፎ ብምግባር እዚ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 02/04/2025-16/04/2025 ብኣቆፃፀራ ኣዉሮፓ ክሳብ ሰዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ነዚ ተብሂሉ ዝተዳለወ ሳፁን ክእትው ኣለዎም።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ሲፒኦ (CPO) ብር 170,000.00 (ብር ሓደ ሚኢትን ሰብዓን ሽሕ) ንበይኑ ብስምዒ ዝተኣሸገ ፖስታ ምስ ጨረታ ከእትው ይግባእ። ጥረ ገንዘብን ብፖስታ ዘይተዓሸገ CPO ከምኡ'ውን ካሊእ ዓይነት ጨረታ መኽበሪ ተቐባልነት የብሉን።

5. እዚ ጨረታ ስዓት 8:00 ተዓፅዩ አብቲ ጨረታ ዝተዓፀወሉ ዕለት ሰዓት 8:30 ናይ ድሕሪ ቐትሪ ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኽፈት።

6. ተጫረቲ ናይዚ ስራሕ ናይ መዛዘምን መረከቢ ግዜ ኣብ ውሽጢ 30 ተክታተልቲ መዓልቲታት ዝርከብ ምኳኑን እቲ መዓልቲ ስራሕ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንምጅማር ዝኣትውሉን ስራሕ ወዲኦም ዝወፅሉ ግዜ ዘካትት እዩ።

7. ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ዋጋ ንዝፍጠር ናይ ድምር ስሕተት (Arithmetic error) ካብ ጨረታ ወፃኢ ይኸውን።

8. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ኣይካኣልን። ከምኡ'ውን ተጫሪቶም ዝሳዓርዎ ስራሕ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ብሳብ ኮንትራክት ብሳልሳይ ወገን ምስራሕ ኣይካኣልን።

9. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ምዃኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይ ተጠቂሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከም ዝሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

10. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዓሮም ካብ ዝተነገሮም ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 2ተ መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ንጠቕላላ ዋጋ 10% ባንክ ዉሕስና (Unconditional bank Guarantee) ከትሕዙ ኣለዎም። እንተዘይኮኑ ግን ንጨረታ መኽበሪ ዘትሑዞዎ(CPO) ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወሰድ ።

11. ሰዓሪ ተጫራቲ ጨረታ ሲዒሮም ዉዕሊ ምስ ኣሰሩ በቲ ዉዕሊ ዝኣሰርዎ ናይ መረከቢ ግዘ እቲ ስራሕ ክርከቡ እንተዘይኪኢሎም እቲ ዘትሐዝዎ 10% ዉዕሊ መኽበሪ ጋራንቲ ናብ ትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካልእ መማረፂ ይወስድ።

12. ተጫረቲ ቅድሚ ዋጋ ምእታዎም እቲ ስራሕ ኣብ ዝርከበሉ ቦታ መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ ሳይት(Site visit) ብኣካል ብምኻል ክሪኡ ኣለዎም።

13. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻ

ንዝበለፀ ሓበሬታ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ስልኪ ቁዕርታት ምጥያቅ ይካኣል

ስልክ 0914734116

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle